# ኣካ ተራኺብና



ኣብቲ  ነዊሕ ጉዕዞ መንና ላህሊሁ
ግዜ መን ጸልሙቲ ግዜ መን ነጊሁ
መን ረማዕ ኢሉ መን ከ ሰሱኑ
ንመን ሓሲምዎ ንመን ከ ኮይኑ እዋኑ

ክንዳኸም ያኢ ኣብ ዝተናወሐ
ገበታ ጥሩምባ ኣካ ተነፍሐ
ዳጌፉ ዘራይ ሕጂ ትንፋስ ዘየውዕል
ተላኢኺ እንዳረኣይዎ ናብ ጸድፊ ክዘልል

ዘኾለሰ ኢድና ዝነኸሰ ስኒ ጓህሚሙ
ዝጠፍጠፍዎ ጊድጊዳ ካብ ሱሩ  ሃሚሙ
ጻሕታሪ ኣእዳው  ከም ሕሱም   ተቖርሲሙ
ሕጂ ዶ ይሓይሽ ወላእላእ ኣብራኽ ጠሊሙ

ካዕቦ ዶ ኣይተጋዕረን ምስ ገበታ ዕብዳን
ሸንዳሕዳሕ ዶ ኣይነበረን ጽሕተራን ደሮናን
ጥልዕ ጉንብሕ ዶ ኣይተባህለን ከዳሚ ንምኳን
ምልቕላቕ ዶ ኣይነበረን  ተዓሲብካ ንዝርጋን

ሕጂ ዶ ይሓይሽ ዕርቃን ወጺኡ ደገ  ንግዳም
ፈረኽረኽ ዶ ኮነ ሓድሕድ  ምውንጃል
ተራኺብና ዶ ኣብ ቲ ዝተናወሐ  መንገዲ
እቲ  ትማሊ ግደፉ ኢልና እንዲና ግዲ

እሞ ደኣ መን እዩ ክሳድ ከውዕል ትንፋስ ዝሰኩዕ
ኣግኣዚ ድዩ ከጥፍእ ነቲ ረመጽ ሓዊ ባርዕ
ፈደራል ፖሊስ ድዩ  ካብ ሓጥያት ከናግፍ
መን ኮን እዩ ሕጂ ካብ ጥልቀት ዕርብርብ  ዘትርፍ

ኣንታ ትኳዕ  ነኻስ ጡብ መዕበያ
ሓዚላ ዘእተወትካ  ሓንጋሪትካ  ሻዕብያ
ኣብ ኮረሻ  ዝፋን ዝደየበትካ  ዘታተየት ራርያ
ዓስቢ ጥልመትካ ዶ ሕጂ  ረኺብካያ

ካብ  በረኻ ደደቢት ንኣራት ኪሎ
ሃሞሲት ሽረ እንዳ ስላሴ ወሊጋ  መቐለ ምስ ወሎ
ማይ መኸደን  ዓድዋ  ዘውዲ ምስ ደፋእካ ዝረሳዕካ ውዕሎ
ሕጂ ዶ መስጣ ወሪዱካ ኮንካ ዝሮ ምሮ

ዓጽሚ መምህርካ  ትፍሕር ክቡር መቓብሩ ትፍንቅል
ጥልመት ኣሉላ ትደግም ምስ ደፋእካ ኣኽሊል
ሕጂ እንደሞ ኣኺላ እታ ዕምሪ ኣክቲማ መዋእል
ሃየንታ  ዶ ኣርኪባ ጽራር ደሙ ኣቢሉካ ዕንክሊል

ኣካ ተራኺብና  ኣብታ ግብኣተ መሬት ኣፈርከቡ
ደበስ ጥልመት ዓስቢ ክሕደት ጺሊም ክትትልበብ
ሓድሕድ ክትባልዑ  ኣካ  ሪኢና ከም ዓሳ ባሕሪ
ኢድ ሸናሒት ጸናሒት ርኸብዎ ደኣ ተፈደይዋ እምበሪ

ኣሸናፊ ኣብርሃም(ኣሼ) /   ጀርመን    2018